## *<u>ባህልና ኣይንረስዕ</u>* *መጋቢት ፳፱፡ ፲፱፻፺፱ ዓም*

*ንተጠቀምቲን ጐብነይቲን ኣይጋ ዌብ ሳይት (AIGA Forum) ወለዲ፣ ኣሕዋትን ኣሓትን ኵልኹም ሰላምታ፣ ንኣይጋ ዌብ ሳይት ክኣ ልባዊ ምስጋና ይብፃሕኹም።*

*እዚ ክጽሕፍ ዝደፋፍአኒ፦ ግዳማዊ ፀገማት ኃቢሮም ዝምክቱ፣ ውሽጣዊ ፀገማቶም ብሽምግልና ዝኣልዩ ወለዲ ዝወለዱና ደቂ ዘመን ባህልና ከይንርስዕ ዝብል ሓሳብ'ዩ። <u>ባህሉን ልምዱን ዘይዕቅብ ሰብ</u> <u>ከምእንስሳ ይሕሰብ</u> ዝብል ምስላ ብኣና ከይምሰል ከይጠብቀና እየ።*

*ውሽጣዊ ጉዳያትና ብሽማግለ ምእላይ ኣካል ጥንታዊ ባህልና'ዩ! እወ ወዲ-ሰብ ኵሉ ነናይባዕሉ ፍሉይ ባህጊን ኣተሓሳስባን ድሌትን ኣለዎ። ስለ'ዚ ኣብቲ ማኅበረ-ሰብ ንዝህሉ ኵሉ ዓይነት ማኅበረ ሰባዊን ቤተ ሰባዊን ርክቢን ምትእስሳርን እቲ አፈላላይ ዘለዎ ማኅበራዊን ውልቃዊን-ድሌትን ሓሳብን፣ ንቲ ቀንዲ ማኅበራዊ ሕይወት የድክሞን የልሕልሖን'ዩ። ስለ'ዚ ሰብ ኃቢሩ እንትነብር፣ ወዲ ሰብ (ሰብኡት፣ አንስቲ፣ ቈልዑን ዓበይቲን)፣ ዓለማዊ ይኹን መንፈሳዊ ኵሉ ነናይ ባዕሉ ኣተሓሳስባን ድሌትን ኣፋላላይ ከምዘሎ ኣሚኑ ተኸኣኢሉን ተፀዋዊሩን ክነብር ይግብኦ። ተኸኣኢሉ ኃቢሩ ክነብር ኣብ ዘይኽአለሉ ብርኪ እንትበፅሕ ክኣ፣ እቲ ነገር ናብ ዝኸፍአ ጐንፂን ተፃብኦን ንኸይሰግር ብሰላምን ብትዕግሥቲን ብወዝቢን፦ ሰብኣዊ ክብሪ በዘይትንክፍ ኣግባብ፣ ብትሑት ናይ ንብረት/ገንዘብን ጕልበትን ጊዜን ብኽነት ንቲ ጐንፂን ተፃብኦን ክፈትሕ ዝኽእል ባህሊ/ልምዲ ክህሉ ኣለዎ። እዚ ባህሊ/ልምዲ'ዚ ንሓደ ማኅበረ-ሰብ ምዕቡል ኅብረተ-ሰብ'ዩ አቢሉ ከጽውዖ ዝኽዕል ዓቢዩ ረቋሒ እዩ። እዚ'ዩ ቀንዲ መበገሲ ጽሑፈይ።*

*እምብአር'ከስ ንሕና'ውን ከም ሕዝቢ መጠን ናይ ባዕልና ባህሊን ልምዲን ዘለና ሕዝቢ ስለ ዝኾና እዚ ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ ባህርያዊ ውልቃዊን ማኅበራዊን ፀገማት ኣብ ማኅበረ-ሰብና፣ ኣብ ቤተ ሰብና ብዝኾነ መልክዑ እንትፍጠር፣ ብሽማግለ ይእለ። ብዕርቂ/ብሽምግልና ፀገማትካ ምፍታሕ ካብ ጥንቲ ካብ ወለድና ዝወረስናዮ ጥበብ'ዩ። እዚ ጥበብ'ዚ ግን ክንዲ እቲ ክዓቢን ክጕልብትን ዝግብኦ አይዓበየን፣ አይጐልበተን። ምኽንያቱ'ውን እቲ ናይ'ቶም ዝሓለፉ አማኢት ዓመታት ሡር ዝሰደደ ኵለ-መዳያዊ <u>ብሄራዊ ኣድልዎ</u> (<u>ወፅዓን በደልን</u>) <u>ከምቲ ብሥነ-ቍጠባዊ መዳያት ዘድከየናን ድሕሪት ዘትረፈናን፣ ብባህላዊ ጉዳያት መልክዑ'ውን አጽቢቑ ሓስዩናን ጐዲኡናን'ዩ</u>። ብዕርቂን*

*ሽምግልናን ብባህሊ ወለድና ናይ ባዕልና ጸገማት ክንፈትሕ ኣይንኽእልን ዘለና። እዚ ንባዕሉ እቲ ዝኸፍአ ድኽነት እዩ። ንሕና (ደቂ-ሰባት) ንሃፍቲን ንድኽነትን ብገንዘብን ንብረትን ጥራይ ኢና ንዕቅኖ፤ ንባህላዊ ድኽነት ኣብ ግምት ኣይነእትዎን። ስለምንታይ እዩ ዝፅግመና ዘሎ ኢልና ክንሓስብን መፍትሒ ክንእልሽን ክኣ ይግባእና። ብጣዕሚ ዘንዝን ዘተሓሳስብ ነገር'ዩ። ባህልና እናጐልበተ፣ እናፀበቐን እናዓበየን ክንዲ ዝኸይድ ብኣንፃሩ እናደቀለን እናሓመቐን ክኸይድ ኣይግብኦን'ሞ ንሕሰበሉ።*

*ባህልና ከይጕልብትን ከይዓቢን ኣብ ሕቘኡ ተወቒዑ እዩ። ስለ ዝኾነ'ውን ከም ኣብ ሕቘኡ ዝተወቕዐ ተመን ኣብ ሓንቲ ተሸኺልና፣ ተዓኲሊልና፣ ኣብኣ ልውስውስ (ዕንክልል) እናበልና ንነብር ኣለና። ከምኡ ስለዝኾነ እውን እዩ ንቐም፣ ንበቐል፣ ንፍልለይ፣ ንትምክሕቲ፣ ንህልኽ፣ ንዓዘራ፣ ንመን-ከማይ ኣነ-እበልጽ፣ ንድርቅናን ንባእሲን ዓቢዩ ባይታ ንህቦ። ንሕድገት፣ ንይቕረታ፣ ንሰላም፣ ንምትሕግጋዝ፣ ንእሂን -ምሂን፣ ንምርድዳእን ግና ቦታ ኣይወሃቦን። እዚ እዩ እቲ ቀንዲ ፍልፍል ናይ ኵሉ ዓይነት ውልቃዊን ማኅበራዊን ፀገማትና። ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ጭቃ ዝተለቐጠ ሕዝቢ ክኣ ንቕድሚት ክስጉምን ክዓቢን እዩ ኢልካ ምትንባህ ዘይሕሰብ፣ ፈፂሙ ዘይኸውን ነገር እዩ።* *ንሓደ ጸፊዕኻ፣ ንቲ ካልእ ጨሊኻ፣ ፀሪፍካ፣ ኣዋሪካ፣ ዝዓበዩን ዝነኣሱን ወለዲ፡ ኣሕዋት፣ መራሕቲ ሃገርን መራሕቲ ሃይማኖትን ዘይስሞም ሂብካ* *ዝመፅእ መፍትሒ የለን።*

*ፀገማትና ፈሊጥና ካብ ድሑር ኣተሓሳስባን ደረቕ ህልኽን ወወፂእና ናይ ባዕልና ፀገማት ባዕልና ንምፍታሕ ቅሩባትን ብቑዓትን ክንከውን ይግብኣና። ንዅሎም ፀገማትና ከከም ኣመፃፅእኦም ክፍትሑ ይግባእ፡- ውልቃዊ ፀገማትን ቅርሕንቲን ብውልቂ፣ ማኅበራዊ ፀገማት ብማኅበራዊ፣ ፖለቲካዊ ፍልልያት ኣብ መድረኽ ፖለቲካ፣ ሃይማኖታዊ ኣብ ክሊ መንፈሳዊ ሃይማኖታዊ መድረኽ በቢ ዝምልከቶም ኣካላት ክፍቱሑ ይግባእ፤ እቲ ፀገማት እውን ግልፂክ ኸውን ይግባእ፤ ምኽንያቱ እውን ሓባኢ'ያ ቀኅሰሉ'ስ ሓባኢ መድኃኒቱ ከምዝብሃል ተሓቢኡ ክሕባእ ኣይኽእልን። የግዳስ ሓሊፉዎ ከይኳሳሕ'ሞ ናብ መድኃኒት ዘይርከቦ ቀኅሰሊ ከይልወጥ፣ ብጋንኡ ንሕሰበሉ። እቲ ዘጥዕመልናን ዘኽፍኣልናን ንፍለጦ። ንኵሉ ብህድኣት -ብትዕግሥቲ ብምስትውዓል ንግበሮ፣ ዝኾነ ይኹን ማሕለኻ ፀገማት ብትብዓት ኃቢርና እናተማኸርና፣ እናዘተይና ንስገሮ፤ ልዕሊ ኵሉ ባህልና ኣይንረስዕ።*

*ብኪዳነ ግርማይ*